# Theology - 2

## ቃል ኣምላኽ - 2ይ ክፋል

www.debresahl.com

# Theology / ቃል ኣምላኽ

ኣብ ዝሓለፈ 1ይ ክፋል

Theology - ቃል ኣምላኽ / ትምህርቲ ብዛዕባ ኣምላኽ

ብዛዕባ ኣምላኽ ምምሃር ካብ ዘድለየሉ ምኽንያት ሓደ

- ቅኑዕ ትምህርቲ ካብ ክሕደት ፈሊና ክንፈልጥን ክንምህርን።

- ህልውና ኣምላኽ።

# ባህርያት ናይ ኣምላኽ / Attributes of God

## ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ዝገብሩ ረቓሒታት

1 ኣምላኽ መንፈስ/ኣይረአን ኢዩ።

2 ኣምላኽ ዘልኣለማዊ ኢዩ።

3 ኣምላኽ ዘይቅየር ኢዩ።

4 ኣምላኽ ህያው ኢዩ።

5 ኣምላኽ ሓቂ ኢዩ።

6 ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ።

7 ኣምላኽ ቅዱስ ኢዩ።

8 ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ህልው ኢዩ።

9 ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል ኢዩ።

10 ኣምላኽ ኩሉ ዝፈልጥ ኢዩ።

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

**ስላሴ -** ዝብል ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስለዘየለ ብዙሓት መጽሓፍ ቅዱስ ሰለስተ ኣምላኽ ኢዩ ዘረድእ ይብሉ።

መጽሓፍ ቅዱስ **ስላሴ** ዝብል ቃል ስለ ዘይጸሓፈ ግን ትምህርቲ ስላሴ ኣይምህርን ማለት ኣይኮነን።

## 1 ኣብ + 1 ወልድ + 1 መንፈስ ቅዱስ ≠ 3 ኣምላኽ

## 1 X 1 X 1 = 1

## 1 ኣብ X 1 ወልድ X 1 መንፈስ ቅዱስ = 1 ኣምላኽ

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## ሓድነት ኣምላኽ ዘረድኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት

"እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ብጀካኡ ኻልእ ከም ዜልቦ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ንኣኻ ተራእየካ። " (ዘዳ 4:35)

"ዎ እስራኣኤል፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሓደ እግዚኣብሄር እዩ።" (ዘዳ 6:4)

"ኩሎም ህዝብታት ምድርስ እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ካልእ ከም ዜልቦ ኸኣ ምእንቲ ኺፈልጡ፡" (1 ነገ 8:60)

"ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ስመይ እዚኣ እያ፡ ክብረተይ ከኣ ንኻልእ፡ ምስጋናይውን ንጽሩብ ምስልታት ኣይህብን እየ። " (ኢሳ 42:8)

'እቲ ንሰማያት ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ እዩ፡ …ኸምዚ ይብል፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ብጀካይውን ካልእ የልቦን። " (ኢሳ 45:18)

"ንኹላትናዶ ሓደ ኣቦ ኣይኮነን ዘሎና፡ ሓደ ኣምላኽዶ ኣይኮነን ዝፈጠረና።" (ሚል 2:10)

ተወሰኽቲ ጥቕስታት 1ሳሙ 2፤2 2ሳሙ 7፥22 ነህ 9፥6 ኢሳ 48፥12

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን
# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## <u>ሓድነት (1) ኣምላኽ ዘረድኡ ናይ ሓዲስ ኪዳን ጥቕስታት</u>

“ብዘይ <u>ሓደ ኣምላኽ</u> ሄር የልቦን።” **(ማቴ 19:17; ማር 10:18; ሉቃ 18:19)**

“ብሓቂ ጽቡቕ ተዛረብካ፡ <u>ኣምላኽ ሓደ እዩ</u>፡ ብጀካኡ ድማ ካልእ የልቦን።” **(ማር 12:32)**

“ኣምላኽ ግና <u>ሓደ</u> በይኑ እዩ።” **(ገላ 3:20)**

ተወሰኽቲ ጥቕስታት ዮሓ 5፥44 1ቆሮ 8፥4 1ጢሞ 5፥9 ያዕ 2፥19

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን
# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## ሰልስትነት (3) ኣምላኽ ዘረድኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት

"ኣምላኽ [Elohim] ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።" (ዘፍ 1:1)

Eloah- ፈጣሪ Elohim - ፈጠርቲ Jehovah- ኣምላኽ

"... ኣምላኽ [plural] ካብ ቤት ኣቦይ ምስ ኣውጸኣኒ. . ." **(Gen 20:13)**
"ካብ ኩሉ ስጋኻ ኸማና ድምጺ ህያው ኣምላኽ [plural] ካብ ማእከል ሓዊ ኺዛረብ ሰሚዑስ ብህይወት ዝነበረ መን ኣሎ።" (ዘዳ **5:26)**

"እስራኤል ብፈጣሪኡ [plural] ይተሓጎስ።" (መዝ **149:2)**
"ፈጣሪኺ [plural] ሰብኣይኪ [plural] እዩ እሞ፡ ስሙ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ፡" (ኢሳ **54:5)**
"ክፉእ መዓልታት ከይመጸ፡ ባህ ኣይበለንን እትበሎ ዓመታት ከአ ኸይቀረበ ኸሎ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ [plural] ዘክሮ።" (መክ **12:1)**

"ዎ እስራኣኤል፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና [our Elohim] ሓደ እግዚኣብሄር እዩ።" (ዘዳ **6:4)**

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## ሰልስትነት (3) ኣምላኽ ዘረድኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ጥቕስታት

“ኣምላኽ ክኣ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር … በለ።” (ዘፍ 1:26)

“እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ፡ እንሆ፡ ኣዳም ከም ሓደ ኻባና፡ ጽቡቕን ክፉእን ዚፈልጥ ኮይኑ ኣሎ” (ዘፍ 3:22)

“እምበኣር ማንም ንዘረባ ብጻዩ ምእንቲ ኸይሰምዕሲ ፡ ንዑ ንውረድ፡ ኣብኡ ኸኣ ዘረባኦም ንደባልቕ፡ በለ።” (ዘፍ 11:7)

“ንመን ክልእኽ? መንከ ኪኸደልና እዩ? ዚብል ድምጺ እግዚኣብሄር ሰማዕኩ።” (ኢሳ 6:8)

ተወሰኽቲ ጥቕስታት ኢሳ 48፥16 መዝ 110፥1 ሆሴ 1፥6,7

# ናይ ኣምላኽ ሓድነትን ሰለስትነትን

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## <u>ሰልስትነት (3) ኣምላኽ ዘረድኡ ናይ ሓዲስ ኪዳን ጥቕስታት</u>

“ኪዱ ንኹሉ ዓለም ብስም [Singular] ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም።” (ማቴ **28:19)**

“ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን[ኣብ] ሕብረት መንፈስቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን። ኣሜን።” **(2** ቆሮ **13:14)**

“ንኽልቴና ብእኡ[ወልድ] ብሓደ መንፈስ ናብ ኣቦ መእተዊ ስለ ዘሎና ኸኣ፡ ንኣኻትኩም ርሑቓት ዝነበርኩም መጺኡ ሰላም ኣበሰረኩም፡ ነቶም ቀረባ ዝነበሩውን ሰላም ኣበሰሮም።” (ኤፌ **2:18)**

“እቶም ዝምስክሩ <u>ሰለስተ</u> እዮም። መንፈስ፥ ማይ፥ ደም፥ <u>ሰለስቲኦም</u> ድማ ሓደ ዓይነት ምስክር ይህቡ።” **(1** ዮሓ **5:8)**

ተወሰኽቲ ጥቕስታት 1ቆሮ 12፥4-6 ገላ 4፥6 ኤፌ 2፥18

# ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት
# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ካብ ዝገብሩ ረቓሒታት ሓደ ዘልኣለማዊነት ኢዩ

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ፥ ወልድን መንፈስ ቅዱስ ዘልኣለማውያን ምዃኖም ይሕብር።

ኣብ **->** "እግዚኣብሄር...ከምዚ ይብል፡ ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ እየ፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን።" **(**ኢሳ **44:6).**

**->** "እቲ ናይ ዘለኣለም ኣምላኽ" **(**ሮሜ **16:25).**

ወልድ **->** "ኣነ እቲ ቐዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ። ሞይተውን ነበርኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ንዘለኣለም ኣለም ህያው እየ፥" **(**ራእ **1:17).**

መንፈስቅዱስ**->** "ብናይ ዘለኣለም መንፈስ"**(**ዕብ **9:14).**

# ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት

# መጽሐፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ ምፍጣር ኢዩ

መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ፥ ወልድን መንፈስ ቅዱስ ፈጠርቲ ምኻኖም ይሕብር።

ኣብ -> "ንሕና ግና ኩሉ ኻብኡ ዝኾነ ሓደ እግዚኣብሔር ኣቦ ኣሎና።" (1 ቆሮ 8:6).
–> "እግዚኣብሔርሲ ኣምላኽ ምኻኑ ፍለጡ፥ ንሱ ፈጠረና።" (መዝ 100:3).

ወልድ -> "ብእኡ ዅሉ ዀነ፡ ካብቲ ዝዀነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝዀነ የልቦን። " (ዮሓ 1:3; ቆሎ 1:16).
-> "ከምኡ'ውን ብእኡ ኩሉ ዝተፈጥረ ሓደ ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሎና።" (1 ቆር 8÷6)

መንፈስቅዱስ -> "መንፈስ ኣምላኽ ኢዩ ዝፈጠረኒ" (እዮብ 33:4).
–> "ትንፋስካ ኡፍ ምስ በልካሎም ግና ይፍጠሩ።" (መዝ 104:30).

# ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት

# መጽሐፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ካብ ዝገብሩ ረቓሒታት ሓደ ህልውና ኣብ ኩሉ ኢዩ

መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ፥ ወልድን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኩሉ ከምዘለዉ ይሕብር።

ኣብ -> "'ሰማይን ምድርን ዝመልእዶ ኣነ ኣይኩንኩን?' ይብል እግዚኣብሄር። " (ኤር 23:24).

ውለድ -> "ብጀካ እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ [ሕጂ'ውን] ወዲ ሰብ፡ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን። " (ዮሓ 3:13).

-> "ብስመይ ክልተ ወይ ሰለስተ ኣብ ዝተኣከብሉ፥ ኣነ ኣብ ማእከሎም ኣሎኹ።" (ማቴ18:20).

መንፈስቅዱስ -> "ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ ..." (መዝ 139:7-10)

# ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ ኩሉ ምፍላጥ ኢዩ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ፥ ወልድን መንፈስ ቅዱስ ኩሉ ከምዝፈልጡ ይሕብር።

ኣብ -> "እቲ ነቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዝተፈልጡ ነገራት ዝፈጠረ እግዚኣብሔር።" (ግብ15:18).

ወልድ -> "ጐይታይ፡ ንስኻ ኹሉ ትፈልጥ ኢኻ፡ ኣነ ኸም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢኻ፡ በሎ። " (ዮሓ 21:17).

መንፈስቅዱስ -> "እቲ መንፈስ ግና መዓሙቑ ኣምላኽ እኳ ኸይተረፈ ንኹሉ ይምርምር እዩ እሞ" (1 ቆሮ 2:10).

# ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽነት

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ መረዳእታት

## ንኣምላኽ፥ ኣምላኽ ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ ኣምላኽነት ኢዩ

## መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ፥ ወልድን መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ ምኻኖም ይሕብር።

ኣብ -> "ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ።" (ዘጸ 20:2).

ወልድ -> "ድምጺ ኣዋጂ ይኣውጅ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ኣዳልው፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ከኣ ንኣምላኽና ጽርግያ ኣቕንዑ። '" (ኢሳ 40:3)

"በቲ ወርሓት እቲ ዮሃንስ መጥመቕ፡ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ተነስሑ፡ ኢሉ እናሰበኸ፡ ናብ በረኻ ይሁዳ መጸ። እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ... እተነግረሉ ንሱ እዩ።" (ማቴ 3:1-3)

ዮሓንስ መንገዲ እቲ ዝምጽእ ዘሎ ኣምላኽ ኣዳልዉ ካብ በለ፥ ዝመጸ ድማ ኢየሱስ ካብ ኮነ፥ ኢየሱስ ኣምላኽ ኢዩ።

መፈስቅዱስ -> "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ኽሳዕ መአዝ እዩ ዚንዕቀኒ፡ ክሳዕ መአዝከ እዮም በቲ ኹሉ ኣብ ማእከሎም ዘገበርክዎ ትእምርትታት ዘይኣምኑኒ፡'" (ዘሁ 14:11)
"ንሳቶም[እስራኤላውያን] ግና ዐለው፡ ንቅዱስ መንፈሱ ኸኣ ኣጕሀዩ፡ ስለዚ ጸላኢኦም ኰነ፡ ባዕሉውን ተዋግኦም። ..." (ኢሳ 63:10-14).

እስራኤላውያን ዘይተኣዘዝዎን ዘጉሃይዎን መንፍስቅዱስ እግዚኣብሑር ተባሂሉ ተጸዊዑ።

# ንስላሴ ዘረድኡ ምሳሌታ

“እምበኣርሲ ንኣምላኽ ምስ መን ተማሳስልዎ? ምስ ኣየናይ መልክዕከ ኸተመዓራርይዎ ኢኹም? ” (ኢሳ **40:18),**

“ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ብጀካይ ከቶ የልቦን እሞ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ናይ ቀደም ዘክሩ፡ ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ዚማሳሰለኒ ኸኣ የልቦን። ?” (ኢሳ **46:5)**

ቅ. ቄርሎስ ናይ ኣምላኽ ነገራት ብናይ ደቂ-ሰባት ቃንቃ ክግለጽ እንከሎ፥ ናይ ኣምላኽ ሃብቲ ኣብቲ ድኻ ዝኾነ ናይ ደቂ-ሰባት ቃንቃ ይንጸባረቕ ከም ዘሎ ክንርስዕ የብልናን።

# ንስላሴ ዘረድኡ ምሳሌታ

## 1. ሰብ

ሰብ ብመክዕ ኣምላኽ ተፈጢሩ። (ዘፍ 1:26)

ሰብ = ልቢ + ቃል + እስትንፋስ

ስላሴ = ኣብ + ወልድ + መንፈስቅዱስ

ኣብ ሓደ ወዲ-ሰብ፥ ሓንቲ ልቢ፥ ሓንቲ ቃል(ልሳን)፤ ሓንቲ እስትንፋስ ከምዘሎ፥ ኣብ ስላሴ ድማ ሓደ ኣብ፥ ሓደ ወልድ፥ ሓደ መንፈስቅዱስ ኣለዉ።

ከምቲ ንሰለስቲኡ ዝሓዘ ሓደ ሰብ ዝበሃል፥ ኣብ ወልድ መንፈስቅዱስ ድማ ሓደ ኣምላኽ ይበሃሉ።

# ንስላሴ ዘረድኡ ምሳሌታ

## 2. ሓዊ

“ኣምላኽና ዚባላዕ ሓዊ እዩ፣” (ዕብ 12:29)

ሓዊ = ሃልሃልታ + ብርሃን + ሙቐት

ሃልሃልታ ሓዊ ክጅምር እንከሎ ብርሃንን ሙቐትን ናይ’ቲ ሓዊ ድማ ይጅምር።

ኣብ ስላሴ ድማ፥ ኣብ ኣብ ዝነበረሉ ወልድን መንፈስቅዱስን ኣለዉ።
ኣብ ኣጀማምርኦም’ውን ኣብ ወይ ወልድ ወይ ድማ መንፈስቅዱስ በይኑ ዝነበረሉ ግዜ የለን!

# ንስላሴ ዘረድኡ ምሳሌታ

## 3. ጸሓይ

“ኣምላኽ ጸሓይ ኢዩ…” (መዝ 84:11)

ኣባ ህርያቆስ -> ኣብ ጸሓይ ኢዩ፥ ወልድ ጸሓይ ኢዩ፥ መንፈስ ቅዱስ ጸሓይ ኢዩ።

ጸሓይ = ጸሓይ + ብርሃን + ሙቐት

ጸሓይ ክትበርህ ከላ፥ ብዓይንና ክንሪኣ ዘይንኽእል ክነስና ብርሃናን ሙቐታን ብምርኣይና ጸሓይ ኣሎ ንበል።
ኣብ ስላሴ ድማ ንኣብ (ጸሓይ) ዝረኣየ የለን፤ ንወልድ (ብርሃን) ብምርኣይናን ጸጋ ንመፈስቅዱስ (ሙቐት) ብምቕባልናን ግና ኣምላኽ ኣባና ይገሃድ።

# ቅ. ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ

ቅዱስ ጎርጎርዮስ፥ ምስጢረ ስላሴ ክምህር እንከሎ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮም ኣብነታት እካ እንተተጠቀመ፥

ንስላሴ ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ንምርካብ ብዙሕ ሓሲበን ተመራሚረን፥ እንተኾነ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ነገራት ንስላሴ ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ኣይረኸብኩን።

ዓይኒ፥ ዓይኒ ማይ፥ ጸሓይ

ተጠቒመ ነገር ግን ምሉእ ብምሉእ ንስላሴ ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ኣይረኸብኩን ይብል።

<u>ንኣብነት</u>

ጸሓይ ክጥቀም ከለኹ፥

ኣብ = ጸሓይ፥ ወልድ = ብርሆን/ጨረርታ፥ መንፈስቅዱስ ድማ ሙቐት ምበልና

እዚ ክንብል ከለና ግን ኣብ ጥራይ ኣካል ከም ዘልዎ ገይሩ ከረድእ ይኽእል ኢዩ።

ስለዚ ንስላሴ ምሉእ ብምሉእ ከረድእ ዝኽእል ኣብነት የለን።

# ኣብ ልዕሊ ስላሴ ዝተላዕሉ ክሕደታት

ኣብ ልዕሊ ስላሴ ዝተላዕሉ ክሕደታት ብዙሓት እካ እንተኾኑ ኩሎም ግና ኣብ ክልተ(2) ዝኽፈሉ ኢዮም

## 1. Trithiesim

- እዚ ኣበሃህላ እዚ፥ ስላሴ ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ናይ ዝተባህሉ ሰልሰተ ኣማልኽቲ ሕብረት ኢዩ ዝብል ኢዩ።

- ነዚ ኣበሃህላ ዝኽተላ እምነታት ግን የለዋን።

# ኣብ ልዕሊ ስላሴ ዝተላዕሉ ክሕደታት

## 2. Monarchianism

- ኣብ ዘልኣለማዊነት፥ ሓድነት ወይ ድማ ሰለስትነት ኣምላኽ ዝለዓሉ ክሕደታት።

## 2.1 Modalism / Sabellianism,

- **Sabellius** ናይ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ካህን
- ሓደ ኣምላኽ ብሰለስተ ኣገላልጻ ከም ዝተገልጸ ይምህር።
- ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን፥ ኣምላኽ ከም ፈጣርን ከም ወሃብ ሕግን (ኣብ) ኮይኑ ተገሊጹ፥
- ኣምላኽ ኣብ 4 ወንጌል፥ ኣምላኽ ኣብ ምኽንን ገዲፉ፥ ከም መድሓኒ (ወልድ) ኮይኑ ተገሊጹ።
- ኣምላኽ ካብ በዓለ ጴንጠቆስቴ፥ ኣምላኽ ወልድ ምኽንን ገዲፉ ከም ወሃብ ጸጋ (መንፈስ ቅዱስ)ኮይኑ ተገሊጹ፥

- ብማይ ይምሰል = ማይ ፥ በረድ ፥ ሃፋ
- ዓይነት ቀይሩ እምበር ሓደ ማይ ኢዩ። ማይ ክኸውን ከሎ በረድ የለን!

- United Pentecostal and United Apostolic - ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ተኸተልቲ ናይዚ ክሕደት።

# ኣብ ልዕሊ ስላሴ ዝተላዕሉ ክሕደታት

## 2.2 Adoptianism

ብ**Paul Samosata,** ናይ ኣንጾኪያ ጳጳስ ዝተበገሰ (**3**ይ ክፍለ ዘመን)

- ኣብ ጥራሕ ኣምላኽ ከምዝኾነ ይገልጽ።

- ወልድን መንፈስቅዱስን ምስ ኣብ ማዕርነት ከምዘለዎም ኣይምህርን።

- ክርስቶስ ተራ ሰብ ከምዝኾነ ይምህር፤ ኣብ ግዜ ጥምቀት ድማ እግዚኣብሔር ኣብ ከምዝቐብኦን ከምዘልዓሎን ይምህር።

- መንፈስቅዱስ ድማ ጸጋ ናይ ኣብ ምግላጽ ጥራሕ ደኣ'ምበር ኣካል ከምዘለዎን ኣምላኽ ምዃኑን ኣይምህርን።

# ኣብ ልዕሊ ስላሴ ዝተላዕሉ ክሕደታት

## 2.3 Arianism

- ብኣርዮስ ዝተበገሰ ክሕደት
- ዘልኣለማዊነትን ኣምላኽነትን ወልድ ይቃወም።
- Jehovah’s Witnesses and the Adventists - ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ተኸተልቲ ናይዚ ክሕደት።

* ነገረ ስላሴ ናይ ክርስትያን መለለዩ ኢዩ፥ ትምህርቲ ስላሴ ዘይቅበላ እምነት ወላ እካ ንነብስን ክርስቲያን እንተ ጸውዓ ብኣና ግን ከም ክርስቲያን ተቐባልነት የብለንን።

# ብሓፈሻ ከም ዝተመሃርናዮ፤

- Theology - ትምህርቲ ብዛዕባ ኣምላኽ

- ምንጪ ትምሕርቲ ኣምላኽ - መጽሓፍ ቅዱስ፥ ትውፊት፥ ተመኩሮ/ራእይ

- ብዛዕባ ኣምላኽ ክንመሃር ዘድለዩ ምኽንያት -

ስለ ነፍቅሮ፥ ሓጎስን ዝጋበትን ስለዝህበና፥ ንዘይፈለጡ ከነፍልጥ፥ ቅኑዕ ትምህርቲ ካብ ክሕደት ፈሊና ክንፈልጥ

- ክሕደት መንግስቲ ኣምላኽ ዘየውርስ ኢዩ (ገላ 5፥19-21)

- ህልውና ኣምላኽ

- ባህርያት ኣምላኽ

- ነገረ ስላሴ - ትምህርቲ ስላሴ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኢዩ።

- ነገረ ስላሴ - ሓድነትን ሰልስትነትን ስላሴ ዘረድኡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጥቕስታት።

- ነገረ ስላሴ - ንስላሴ ዘረድኡ ምሳሌታት

- ነገረ ስላሴ - ኣብ ልዕሊ ነገረ ስላሴ ዝተላዕሉን ዝለዓሉን ክሕደታት

መስብሐት ለእግዚአብሔር።